# ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ

በእዳውካ ዝዕመም ፈጠራዊ ስራሕ ኪህልወካ'ዶ ትደሊ?
ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ክትሰርሕ'ዶ ትደሊ?
ኣብ መጻኢ እዋን፡ ናትካ ትካል ክትከፍት ትደሊ'ዶ?
ኣብ ምዕባለ ገዲም፡ ኢደ-ጥበባዊ ባህሊ ክትካፈል'ዶ ትደሊ?
እሞ ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ምናልባት ይሰማምዓካ ይኸውን።

ኣብ ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ብዛዕባ ኣገልግሎት፡ ሓላፍነት፡ ቁጠባ፡ ማርኬቲን፡ ኮሙኒኬሽን ትመሃር። ኣብ መጻኢ ኣብ ጨንፈር ኢደ-ጥበብ ክትሰርሕ ትደሊ እንተኾንካ ኩሉ'ዚ ምፍላጥ የድልየካ። ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ እንተመሪጽካ ምናልባት ከተማዕበሎን ክትመልኮን እትደሊ ፍሉይ ትምህርቲ ይህልወካ ይኸውን። ኣብዚ ፕሮግራም'ዚ ኢደ-ጥበባዊ ክእለትካን፡ ኣብ ቅርጽን ሕብርን ዘሎካ ተውህቦ ተማዕብል።

## ትምህርቲ ምቕጻልዶ ይሓይሽ ወይ ስራሕ ምጅማር

ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ እንተመሪጽካ፡ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርትኻ ዛዚምካ ብቐጥታ ስራሕ ክትጅምር ትኽእል ኢኻ። እንታይ ዓይነት ስራሕ ትረክብ ብዝወሰድካዮ ኣንፈት ትምህርትን ዓይነት ኮርሳትን፡ ትምህርቲ ኣብ ትውድኣሉ ግዜ ዘሎ ኩነታትን ከምኡ'ውን ብናትካ መንፍዓትን ኢዩ ዝውሰን። ሓደሓደ እዋን ከም ተልመደን ኮንካ ንሒደት ዓመታት ትሰርሕ። ናይ ተልመደን መሃያ እንዳተዋህበካ ድማ ምስ ኣብቲ ጨንፈር ዚሰርሑ ኮይንካ ካብኦም ትመሃር። እዚኣቶም ኣብቲ ጨንፈር ንነዊሕ እዋን ዚሰርሑን፡ ፍሉይ ፍልጠት ዘለዎምን'ዮም።

እታ ንዓኻ እተገድሰካ ኢደ-ጥበባዊት ስራሕ ክትረክብ ዕድል ኪህልወካ ምናልባት ድሕሪ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ የድልየካ ይኸውን'ዩ። ንምእታወን ብርትዕ ዝብላ ፍሉያት ቤ/ትምህርትታትን ፕሮግራማትን ኣለዋ።

ኣብቲ ንዓኻ ዘገድስ ትምህርቲ ክትኣቱ፡ ኣየኖት ኮርሳት ካልኣይ ደረጃ ክትመርጽ ከምዝግብኣካ ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን ተወኪስካ ሕተት።

## ክትረኽቦ ትኽእል ዓይነት ስራሕ

ሓደሓደ ኣብነታት ስራሕ ኢደ-ጥበብ ከም ሰራሕ-ጃልባ፡ መሻጢ፡ ክኢላ ዕምባባ፡ ሰራሕ-ጥርሙዝ፡ ኣንጠረኛ፡ ነዳፊ ክዳን፡ ጸራባይ፡ ሰፋይ-ክዳንን ሰራሕ-ሰዓትን ይርከቡዎም።

## ትሕዝቶ ፕሮግራም

ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ዝተፈላለዩ ኮርሳት ዘጠቓለለ እዩ። ገለገለ ካብቶም ኮርሳት ኣብ ላዕላይ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ንዝሳተፉ ተመሃሮ ግዴታውያን እዮም። ገለገለ ድማ ንፕሮግራም ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ጥራይ ዝምልከቱ እዮም። ሒደት ኮርሳት ድማ ብድላይካ ይምረጹ።

ኣብ ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ሃገር-ለኻውያን ኣንፈታት የለዊን። ኣብ ክንድኡ ግን ነፍሲ-ወከፍ ቤ/ትምህርቲ ናታ ኣንፈታት ፕሮግራም ከተውጽእ ዕድላት ኣለዋ። እቲ ንዓኻ ዘገድስ ኣንፈት ኢደ-ጥበብ ክትመሃር ኣበይ ከምተመልክት ነማኻሪ ትምህርትን ሞያን (ስቱድየቬግሌዳረ) ተወከስ!

## ሌላ ምስ ሞያዊ ናብራ

ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ እንተተመዲብካ ገና ኣብ ካልኣይ ደረጃ ትምህርቲ ከሎኻ ኢኻ ምስ ሙያዊ ዓለም ትላለ። እንተወሓደ ናይ 15 ሳምንታት ኣብ ኣብያተ-ስራሕ ዝተወዘዐ ስልጠና (ኣፑ) ኣሎካ። ኣብ ኣብያተ-ስራሕ በቲ ዝመረጽካዮ ኣንፈት ፕሮግራም ምስራሕ ከመይ ከም ዝኾነ፡ በየናይ መዳይ ክትህርኾት ከም ዘለካን ወይ ካልእ ኣብ ትምህርቲ ዚብርትዓካን ትመሃር። እዚ ርክብን ሌላን ናይ (ኣፑ) ኸኣ ድሒርካ ስራሕ ኣብ ትደልየሉ እዋን ደገፍ ይኾነካ። እዚ ስልጠና'ዚ ካብ ሽወደን ወጻኢ ኣብ ካልእ ሃገር ክትገብሮ እንተደሊኻ'ውን ኣኽእሎ ኣሎ።

created using
BCL easyPDF
Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image

## መጻኢ ግዜን ስራሕን

ፕሮግራም ኢደ-ጥበብ ተማሂርካ ስራሕ ብቐሊሉ ትረክብን ዘይትረክብን ብዓንተቦ ምፍላጥ ኣጸጋሚ'ዩ። እቲ ዚምረጽ ዓይነት ኢደ-ጠበብ'ውን ወሳኒ'ዩ። ስራሕ ክትረክብ ቦታ ክትቕይርን እንዳተመላለስካ ክትሰርሕን ቅሩብ ክትከውን ኣለካ። ምናልባት'ውን ትምህርቲ ወዲእካ ናትካ ትካል ትኸፍት ትኸውን። ብዝተመረቐካዮ ዓይነት ኢደ-ጥበብ ዚሰርሑ ማሕበራት ወይ ውድባት ኪህልዉ ይኽእሉ'ዮም። ኩነታት ስራሕ ከመይ ከም ዘሎ ኣርጊጽካ ክትፈልጥ ተወከሶም።

created using BCL easyPDF Printer Driver
Click here to purchase a license to remove this image